# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ማኅዝወ

Skriven av: Lesley Koyi
Illustrerad av: Wiehan de Jager
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons Erkännande 4.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/4.0/deed.sv

# ማኅዝወ

Lesley Koyi
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 5

(utan bilder)

ኣብታ ዕምርቲ ከተማ ናይሮቢ፡ ሓልዮት ካብ ዘለዎ ህይወት ቤቶም ኣዝዮም ርሒቖም፡ ብሓባር ዝነብሩ ጕጅለ ተናበይቲ ኈደና ነበሩ። ንነፍሲወከፍ መዓልቲ ከምዝመጸታ ይገጥምዋ። ሓደ ንግሆ፡ እዞም ኣወዳት ኣብቲ ቈራሪ መገዲ-ኣጋር ደቂሶም ድሕሪ ምሕዳር መንጸፎም ይጠራንፉ ነበሩ። ካብ ቊሪ ንምክልኻል ጓሓፍ ኣራርዮም ሓዊ ኣናኸሱ። ኣብ መንጎ'ዞም ጕጅለ ኣወዳት ማጎዝወ ነበረ። ንሱ ካብ ኵሎም ዝነኣሰ እዩ።

ወለዱ ክሞቱ ከለዉ፡ ማኅዝወ ገና ወዲ ሓሙሽተ ዓመት’ዩ ኔሩ። ምስ ሓወቦኡ ክነብር ጀመረ። እዚ ሰብኣይ ነዚ ቈልዓ ሓልዮት ኣይነበሮን። ንማኅዝወ እኹል መግቢ ኣይህቦን’ዩ ኔሩ። ከቢድ ስራሕ ድማ የስርሖ ነበረ።

ማኅዝወ ምስዘዕዘምዝም ወይ ምስዝቃወም፡ ሓወቦኡ ይቕጥቅጦ።
ማኅዝወ ትምህርቲ ክጅምር’ዶ ኢሉ ምስዝሓቶ፡ ሓወቦኡ ይሃርሞ፡
“ንስኻ ሓንቲ ክትምሃር ዘይትኽእል ደንቆሮ ኢኻ።” ድማ ይብሎ።
ሰለስተ ዓመታት ብኸምዚ ምስሓዞ ማኅዝወ ካብ ሓወቦኡ ሃዲሙ ወጸ።
ኣብ ጐደና ክነብር ጀመረ።



ማኅዝወ ኣብ ዛሬባ ናይቲ ሓምላይ ዝናሕሱ ቤት ኮፍ ኢሉ፡ ካብቲ ቤት
ትምህርቲ ዝረኸባ መጽሓፍ ዛንታ የንብብ ነበረ። ቶማስ መጺኡ ኣብ
ጐድኑ ኮፍ በለ። “ብዛዕባ እንታይ እያ እዛ ዛንታ?” ሓተተ ቶማስ።
“ብዛዕባ ሓደ ምስዓበየ መምህር ዝኸውን ወዲ እያ፡” ማኅዝወ መለሰ።
“መን እዩ ስሙ እቲ ወዲ?” ቶማስ ሓተተ። “ማኅዝወ እዩ ስሙ፡” በለ
ማኅዝወ ፍሽኽ እናበለ።

ማኅዝወ ትምህርቲ ጀመረ፡ በርትዖ ድማ። ብዙሕ ስለዝሓለፎ ከርክብ ኔርዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ተስፋ ክቖርጽ ተደናንደነ። ግን ነቶም ኣብቲ መጽሓፍ ዘለዉ ኣብራሪ ነፋሪትን ተጻዋቲ ኲዕሶን ዘከረ። ከምኣቶም፡ ተስፋ ኣይቆረጸን።



ናብራ ግዳም-ሓደር ከቢድ እዩ፡ ዝበዝሑ ካብቶም ቆልዑ ነዛ መግቢ'ኳ ንምርካብ ኣዝዮም ተጸገሙ። ሓደሓደ ግዜ ይእሰሩ። እንሓንሳእ'ውን ይግረፉ ነበሩ። ኣብ ዝሓሙሉ ግዜ፡ ዝረድእ ኣይነበሮምን። እታ ጕጅለ ኣብ'ቲ ለሚኖም ከምኡ'ውን ጎማን ካልእ ዝተደርበዩ ነገራትን ሸይጦም ዝረኽብዎ ቍሩብ ቍራቦ ገንዘብ እያ ትምርኰስ። ምስ ካልኦት፡ ነቲ ክፋል ናይታ ከተማ ክቈጻጸሩ ዝደልዩ ተጻረርቲ ጕጅለታት ዝለዓል ባእሲ ነቲ ሂወት ዝያዳ ዝመረረ ይገብሮ።

ሓደ መዓልቲ ማጎዝወ ኣብቲ እንዳ ጓሓፍ እናኣረየ እንከሎ፡ ሓንቲ ኣሪጋ ዝተበጣጠሰት መጽሓፍ ዛንታታት ረኸበ። ደሮናኣ ነጋጊፉ ኣብ ሳንጣኡ ኣእተዋ። ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ወትሩ ነታ መጽሓፍ እናኣውጸአ ነቲ ስእልታት ይርእይ ነበረ። ነቶም ቃላት ከንብቦም ኣይክእልን ነበረ።



ስለዚ ድማ ማጎዝወ ናብ ሓንቲ ሓምላይ ናሕሲ ዘለዋ ክፍሊ ገዓዘ። ነታ ክፍሊ ምስ ክልተ ካልኦት ኣወዳት ብሓባር ተቐመጡዋ። ኵሉኹሉ ኣብታ ገዛ ዓሰርተ ቆልዑት ይቕመጡ ነበሩ። ምስኦም ድማ ሓትኖ ሲሲን በዓል ቤታን፡ ሰለስተ ኣኽላባት፡ ሓንቲ ድሙን ሓንቲ ዓባይ ጤልን።

እቲ ዘፍርሖ ዝነበረ ንቶማስ ኣካፈሎ። ድሕሪ ግዜ እቲ ሰብኣይ ሂወት ኣብቲ ሓድሽ ቦታ ዝሓሸ ክኸውን ከምዝኽእል ነቲ ቈልዓ ኣእመኖ።



እቲ ስእልታት ዛንታ ናይ ሓደ ምስ ዓበየ ኣብራሪ ነፋሪት ክኸውን ዝበቕዐ ወዲ እዩ ዝትርኽ። ማኅዝወ ድማ ኣብራሪ ነፋሪት ክኸውን ሃረር በለ። እንሓንሳእ፡ እቲ ኣብ ዛንታ ዘሎ ወዲ ባዕሉ ንሱ ኮይኑ ይስምዖ ነበረ።

ዛሕሊ ኔሩ ማኅዝወ ድማ ክልምን ኣብቲ ጐደና ደው ኢሉ ነበረ። ሓደ ሰብኣይ ናብኡ ገጹ ሰጐመ። “ሰላም፡ ቶማስ እበሃል። ኣብዚ ከባቢ፡ ገለ ዝብላዕ ነገር ክትረኽበሉ ኣብ ትኽእል ቦታ፡ እሰርሕ።” ድሕሪ ምባል ናብ ሓንቲ ሰማያዊ ዝናሕሳ ብጫ ገዛ ኣመልከተ። “መግቢ ንኽትረክብ ናቡኡ ክትከይድ ተስፋ እገብር?” ክብል ተወከሶ። ማኅዝወ ሓንሳብ ናብቲ ሰብኣይ ሓንሳብ ድማ ናብታ ገዛ ድሕሪ ምጥማት፡ “ምናልባት፡” ኢሉ፡ ገዲፍዎ ከደ።



ማኅዝወ ብዛዕባ ኣዚ ሓድሽ ቦታ ክሓስብ ጀመረ፡ ብዛዕባ ምጅማር ትምህርቲ’ውን። ሓወቦኡ ሓቁ እንተኾነ’ኸ፡ ሓንቲ ክምሃር ዘይክእል ደንቆሮ እንተኾነ? ኣብዚ ሓድሽ ቦታ እንተቐጥቀጥዎ’ኸ? ፈርሐ። “ምናልባት ኣብዚ ጐደና ምንባር ይሓይሽ መስለኒ፡” ኢሉ ሓሰበ።

ኣብ ከባቢ ዓስራይ ዕለተ ልደቱ ንማጎዝው፡ ቶማስ ሓንቲ ሓዳስ ናይ ዛንታ መጽሓፍ ሂብዎ። እታ ዛንታ ብዛዕባ ሓደ ምስዓበየ ውሩይ ተጻዋታይ ኩዕሶ ዝኸውን ወዲ ገጠር እያ። ቶማስ እታ ዛንታ ንማጎዝወ ብዙሕ ግዜ ድሕሪ ምንባብ፡ ሓደ መዓልቲ ከምዚ በሎ፡ “ሕጂ ንስኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ትኸደሉን ምንባብ እትመሃረሉን ግዜ እዩ። ከመይ ይመስለካ?” ቶማስ፡ ሓንቲ ቈልዑ እናተማሃሩ ዝቕመጡላ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ከምዝፈልጥ ንማጎዝወ ገለጸሉ።



ኣብተን ዝሰዓባ ኣዋርሕ፡ እዞም ተናበይቲ ጐደና ንቶማስ ብብዝሒ ኣብቲ ከባቢ ይርእይዎ ነበሩ። ንሱ ምስ ሰባት፡ ብፍላይ ድማ ምስ ተናበይቲ ጐደና ክዘራረብ ይፈቱ ነበረ። ቶማስ ዛንታታት ሂወት ናይ ሰባት ይሰምዕ ነበረ። ዕቱብን ዕጉስን ኢዩ ኔሩ፡ ብፍጹም ደፋር ወይ ስዲ ኣይነበረን። ገለ ካብቶም ኣወዳት ፋዱስ ፋዱስ ናብታ ብጫን ሰማያውን ገዛ ብምኻድ መግቢ ክረኽቡ ጀመሩ።

ማኅዝወ ኣብቲ መገዲ-ኣጋር ኮፍ ኢሉ ነታ ናይ ስእሊ መጽሓፉ እናተዓዘበ እንከሎ ቶማስ ኣብ ጐድኑ ኮፍ ብምባል፡ “ብዛዕባ እንታይ እያ እዛ ዛንታ?” ክብል ሓተቶ። “ብዛዕባ ሓደ ምስ ዓበየ ኣብራሪ ነፋሪት ዝኾውን ወዲ እያ፡” ኢሉ ማኅዝወ መለሰ። “መን እዩ ስሙ እቲ ወዲ?” ክብል ቶማስ ሓተቶ። “እንድዒ፡ ኣየንብብን እየ፡” በለ ማኅዝወ ህድእ ኢሉ።



ምስተራኸቡ፡ ማኅዝወ ናይ ገዛእርእሱ ዛንታ ንቶማስ ክነግሮ ጀመረ። እቲ ዛንታ ናይ ሓወቦኡን ስለምታይ ካቡኡ ከምዝሃደመን እዩ። ቶማስ ብዙሕ ኣይዛረብን እዩ፡ ንማኅዝወ’ውን እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ኣይነገሮን፡ ግን ኵሉ ግዜ ተጠንቂቑ ይሰምዖ ነበረ። እንሓንሳእ ኣብ ውሽጢ’ታ ሰማያዊ ዝናሕሳ ገዛ እናበልዑ የዕልሉ።